# 25 ዓመታት ሓበን።

ሃገርና ኤርትራ ነጻ ካብ ትኸውን እንሆ 25 ዓመታት ከተቚጽር እያ። ጉንቦት 25 2016 ዓመተ ትውልዳ ከነኽብር ኢና። ህዝብና ጽኑይ ኣየር ዘተንፈሰላ ጸልማት ባርነት ተቐንጢጡ ባና ሓርነት ዝደመቐላ ዕለት እያ። ነዚ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ጉዕዞ ቃልሲ ንነጻነት ዝተኸፍሎ መስዋእትነት ኣብ ሕብረተሰብና ዝገደፎ ስንብራት ማእለያ የብሉን። ብመስዋእትነት ሂወቶም ዝበጀዉ፡ ብስንክልና ዓዲ ዝወዓሉን ዝወዓላን፡ ሓመድ ሽዳኦም ዘይነገፉ ጌና ካብ ቃልሲ ዘየዕረፉ፡ ሃገር ንድሕነታ እናተኸላኸሉ ኣብ ልምዓታ ተጸሚዶም ታሪኻዊ ቅያታት ዝሰርሑ ሓይልታት ምክልኻልና ነዚ ሎሚ ሃገርና ኤርትራ በጺሃቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ ዝምስክር ታሪኻዊ ጉዕዞ እዩ።

ነዛ መንነትና ዘውሓሰት፣ ክብርና ዘልበሰት፣ ወነንቲ መሬትና ክንከውን ዘመስከረት፣ ታሪኻዊት ዕለት ብሓበን ምስቶም ሰራሕቲ ቅያ ኣብ ሃገርና ብሓባር ክንጽንብላን፡ ኣብ ጎኑኹም ኣሎና ክንብሎምን ይግባእ። ከምቲ ኩሉ ግዜ ተደጋጊሙ ዝንገር፡ ሓይልና ኣብ ሓድነትና ምኳኑ ነቶም ዘይተረድኦም ከነረድእ፡ ነቶም ዝጠፈሹ ምስ ተጻባእትና ኮይኖም ስምረትና ክበታቱኑ ዝደልዩ ከድዓት ደቂ ሃገር ናይ ዕርበቶም ስንብታ ምኳኑ ከነረድኦም ኣሎና።

ኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያን ምስቲ ኩሉ ንሃገርና ዘጋጥማ ዘሎ ብድሆታት እናመከትና፡ ብርዒ ስሩዓትን ሽዩጣትን ብብርዕና እናኣበርዓና፡ ንሰራዊትና ኣጆኻ ንስኻ ብዓዲ ንሕና ብደገ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ሕልሚ ንዱያት ከም ቲኪ ከነብንኖ ምኳና ነመስክረላ ዕለት ስለ ዝኾነት፡ ሃየ ኩልና ንክብሪ ልኡላዊት ሃገርና፡ ምስቶም ሙዑታት ሰራዊትና፡ ምስ እቶም ብስንክልንኦም ካብ ህንጻት ሃገር ዘይተፈልዩ ሓርበኛታትና፡ ምስቲ ወጊድ ንተንበርካኽነት ኢሉ መትከል ርእሰ ሙርኮሳ ዘንግስ ዘሎ መሪሕነትናን ሓፋሽ ህዝብናን ዘሎና ደስታን ሓጎስ ንምግላጽ ንግደትና ን25 ግንቦት 2016 ኣብ ኤርትራና ይኹን።

<u>ቃል ተጋዳላይ እሰያስ እፍወርቂ ኣብ 1970 ዓ.ም</u> " ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ፖሎቲካዊ ስራሕና ነቲ ብወገንን ብሃይማኖትን ዝረኤ ዝነበረ ድሑር ኣተሓሳስባ ንምጥፋእን፡ፖሎቲካዊ ዓቕሚ ተዋጋእትና ናብ ሃገራዊ ደረጃ ንምድያቡን እዩ ኔሩ። ተዓዊትናሉ ከኣ። ኮምኡውን ንዝርኤ ዝነበረ ገለ ዝምባለታት ተበላጽነትን ፍትወት ሙቖትን ንምጥፋእ ሰራሕተኛታትን ሓረስቶንን ብምስላፍ፡ ንስነ ኣታሓሳስብኦም ናብ ዝላዓለ ደረጃ ክብ ብምባል ከምዝሃስስ ገርናዮ" ይብል።

እዞም ሎሚ ጥልመት ተዓጢቖም ንቓልስን ተቓለስትን ኤርትራ ዘቋሸሹ ዘለዉ ሕጂ ብሃንደበት ዝተበገሱ ከምዘይኮኑ የረድኣና። ነቲ ካብ 1970 ከም ድቂ ሒዞሞ ዝጸንሑ ጥንሲ መሕረሲ ስለ ዝሰኣኑሉ ክሳብ ነጻነት ተጻይሩ ጸኒሑ። እንተኾነ ሽዑውን ንሕርሲ ዝኸውን ባይታ ስለ ዝተሳእነ፡ እቲ ሓደን ጉጉይን ምርጫ ዝወሰዱዎ ትኳቦ ምቁማትን ተንበርካኽነት ብግህዶ ተመስኪሩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ዕላማ ኣሎዎ። ዕላማ ምህናጽ ደሞክራሲያዊት ሃገር፡ ሰብ ብሰብ ዘይምዝመዘላ፡ ተበለጽትን ደለይቲ ሕሉፍ ረብሓ ዘይዕድሩላ፡ ህዝባ ብሓባር ተጠቃሚ ጸጋታቱ ዝኾነላ፡ ሰላምን ቅሳነትን ዝነግሰላ፡ ዘይትድፈር ልኡላዊት ሃገር ንምውናን እዩ።

እዚ ሕጂ እንገብሮ ንግደት በዓል ነጻነትና ንዱጉላት ዘቃልዕ፡ ንሃሱሳት ዘሰንብድ፡ ንተጻባእትና ዘርዕድ፡ ንፈተውትና ጸባ ዘስቲ መታን ክኸውን ብዝሒ ነገድቲ ዓቢ ተራ ኣለዎ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።